
# ነጻ ሕክምና ስኒ፣ መርመራ ዓይኒን ሕክምናዊ ክንክንን

SEATTLE/KING COUNTY CLINIC

## ኣፕሪል 23 – 26፣ 2026 ኣብ Seattle Center


## ብዛዕባ እቲ ክሊኒክ

- **ውሱን ቁጽሪ ናይ መእተዊ ትኬት ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ይርከብ፣** ሰዓት 5:30 AM ኣብ Fisher Pavilion ኣብ Seattle Center (200 Thomas St) ይዕደል
- ኣብ ሓደ መዓልቲ ክልቲኡ ናይ ሕክምና ስኒን መርመራ ዓይኒን ክንክን ክትረክቡ ኣይትኽእሉን ኢኹም
- ቆጸራ ወይ ኣቐዲምካ ምዝገባ የለን – **ቐዲሙ ዝመጸ፣ ቐዲሙ ይግልገል**
- ሕማም ይሰምዓኩም እንተሃልዩ**ኣይ** ትሳተፉ
- ተርጎምቲ ኣለዉ እዮም
- ነጻ ደው መበሊ መካይን Mercer St. Garage (650 3rd Ave N)
- **ንነዊሕ መዓልቲ መግቢ፣ ምቹው ክዳንን ዝኾነ መዓልታዊ መድሓኒትን ሒዝኩም ተዳሊኹም ምጹ**

### ኩልኹም እንኳዕ ብደሓን መጻኩም!

- ንዝኾነ ንዝተጸገመ ሰብ ክንክን ጥዕና ንምርካብን/ወይ ንምኽፋልን ዝቃለስ
- ተሓከምቲ መለለዪ መንነት ኮነ ዝኾነ ዓይነት ሰነድ ኣየድልዮምን
- ሕሙማት ነበርቲ Seattle ወይ King County ክኾኑ ኣየድልዮምን

## ኩሉ ኣገልግሎታት ብነጻ እዩ

**ሕክምና ስኒ፦** ንቓንዛ ወይ ስእነት ምቾት፣ ንዝተፈልጠ ወይ ዝጥርጠር ጉርጓሓት ኣስናን፣ ንዝሓበጠ ግርጸንን ንዝተሰብረ ስኒን ዝኸውን ህክምና።

**መርመራ ዓይኒ፦** ናይ ምርኣይ መርመራ፣ ምሉእ ናይ ዓይኒ ፈተና፣ ከምኡ’ውን ብሓኪም ዝተኣዘዘ መነጽር። መርመራ ዓይኒ ንዘይምግባርን መነጽር ዓይኒ ንምርካብን ናይ ቀረባ እዋን ትእዛዝ መነጽር ዓይኒ (ካብ ክልተ ዓመት ዘይሃሓልፈ) ሒዝኩም ምጹ።

**ሕክምና፦** መባእታዊ ክንክን፡ መርመራታት ላቦራቶሪ፣ ማሞግራም፣ ኣልትራሳውንድ፣ ራጂ፣ ኽታበት፣ ናይ ቁርበት ሕክምና፣ ክንክን እግሪ፣ ኣካላዊን ቴራፒ፣ ኣኩፓንክቸር፣ ስነ-ምግቢ፣ ባህሪያዊ ጥዕናን ካልኦትን ምረጹ።

**ጸጋታት፦** ማሕበራዊ ስራሕ፣ ሓገዝ ካብ መድሕን ጥዕናን ካልኦትን።

መርበብ ሓበሬታ፦
**seattlecenter.org/patients**

ኢመይል፦
**SKCClinic@seattlecenter.org**

ስልኪ፦
**206.684.7200**

ንዝያዳ ሓበሬታ

**(ልዕሊ)**



## ከመይ ጌረ ናብ ክሊኒክ እኣትው?

- ኣብ Fisher Pavilion ኣብ Seattle Center ትኬት ውሰድ። Fisher Pavilion ብኣግኡ ንዝመጹ ሕሙማት መዓልታዊ ሰዓት 12:30 AM ይኽፈት (ንካርታን ዝርዝርን ኣብ መርበብ ሓበሬታ seattlecenter.org/patients ዝብል ተወከስ)።
- ቅድሚ ምእታው፣ ሕሙማትን ኣጋይሾምን መርመራ ጥዕና ጌርም ክሓልፉ እዮም። ጉንፋዕ ወይ ኮቪድ ዝመስል ምልክታት ዘለዎ ዝኾነ ሰብ ናብ ሕክምና ኣይኣቱን እዩ።
- ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ካብ ሰዓት 5:30 AM ጀሚሩ ውሱን ቁጽሪ ትኬት ክወሃብ እዩ። እቲ ትኬት ነታ መዓልቲ ጥራሕ እዩ ዘገልግል። ንሓደ ሰብ ሓንቲ ትኬት።
- ሕሙማት ብቀደም ተኸተል ቁጽሪ ናይ ትኬት ናብቲ ክሊኒክ ክኣትዉ እዮም።



## ንክሊኒክ ብኸመይ ክዳሎ ኣለኒ?

- **እዚ ነዊሕ መዓልቲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንነብሰኹም ክትከናኸኑ ተዳሊኹም ምጹ።**
- ሕማም ይሰመዓኩም እንተሃልዩ**ኣይ** ትሳተፉ።
- ኣብ ምሉእ መዓልቲ ዘድልየኩም መግቢ፣ መስተ፣ ከምኡ'ውን ዝኾነ ዘድልየኩም መድሓኒት ሒዝኩም ምጹ።
- ናብ ናይ ቤተ-ፈተነ መርመራታት ጾምኩም**ኣይ** ትምጹ።
- ክንክን ሰኒ ንምርካብ፣ ንውሕስነትኩም ዝኸውን ጸቕጢ ደምን ግሉኮስን ኣብ ዝተወሰነ ደረት ክህልወኩም ኣለዎ።
- ምቹው ክዳን ተኸደኑ።
- እንሰሳ ዘቤት ዝሰልጠኑ ናይ ኣገልግሎት እንሰሳታት እንተዘይኮይኖም ሒዝካ ምምጻእ ኣይፍቀድን እዩ።
- ወላዲ ወይ ሕጋዊ ኣላዪ ንሓደ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ተሓካሚ ከሰንዮ ኣለዎ። ዕድሚኦም ካብ 13 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ኣንኣሽቱ መንእሰያት ምስ ወላዲ ወይ ሕጋዊ ኣላዪ ርክብ ዘይብሎም ሕድገታት ክግበረሎም ይኽእል እዩ። ንህጻናት ክንክን ንምሃብ ክኢላታት ሕክምና ናይ ህጻናት ዘይክህልዉ ይክእሉ እዮም።


## ብቋንቋይ ዝዛረበኒ ዝኾነ ሰብ ክህሉ ድዩ?

- ኣብ መላእ እቲ ክሊኒክ ናይ ትርጉም ኣገልግሎት ክህሉ እዩ።




## ናብ ክሊኒክ ምስ ኣተኹ እንታይ እዩ ዘጋጥም?

- ኣዝዩ ብዙሕ ቁጽሪ ዘለዎም ሕሙማት ክህልዉ እዮም። **ኣብ ሓደ መዓልቲ ኩሉ ዝደለኹምዎ ወይ ዝወሃብ ኣገልግሎት ክትረክቡ ኣይትኽእሉን ትኾኑ።** ኣብ ሓደ መዓልቲ ክልቲኡ ናይ ሕክምና ሰኒን መርመራ ዓይኒን ክንክን ክትረክቡ ኣይትኽእሉን ኢኹም።
- ሕሙማት ንተወሳኺ ኣገልግሎት ኣብ ካልእ መዓልቲ መእተዊ ዝኸውን ትኬት ንምርካብ ኣብ መስርዕ ክጽበዩ ይኽእሉ።
- ንክሊኒክ ዝኸውን መሕለፊ ክወሃበኩም እዩ። እዚ መሕለፊ እዚ ኣብታ መዓልቲ ጥራሕ ካብቲ ክሊኒክ ክትወጽኡን ዳግማይ ክትኣትዉን የኽእለኩም።
- ሽም፣ ዕድመ፣ ከምኡ'ውን ውጽኢት ቤተ-ፈተነን/ወይ ዝተዛዘመ መነጽራት ዓይንን ክንሰደልኩም ንኽእል ናይ ፖስታ ኣድራሻ ዘጠቓለለ መሰረታዊ ውልቃዊ ሓበሬታ ክንእክብ ኢና።
- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ኣገልግሎት ከባቢ (ሕክምና ሰኒ፣ መርመራ ዓይኒ ወይ ሕክምና) ተራኹም ኣብ መስርዕ ክትጽበዩ ኢኹም፣ ብመሰረት ቀዳማይ ዝመጸ፣ ቀዳማይ ይግልገል (ብመሰረት መበቆላዊ ቁጽሪ ትኬትካ ዘይኮነ) ድማ ክትረኣዩ ኢኹም።
- ኣገልግሎት ንምርካብ ኣብ መስርዕ ኮይንኩም ሪጋ ትጽበዩ እንተሃሊኹምን ካብ ቦታኹም ንነዊሕ እዋን እንተወጺእኩምን ኣብ መስርዕ ዘለኩም ቦታ ክትስእኑ ኢኹም፣ ምስ ተመለስኩም ድማ ናብ መወዳእታ መሰመር ክትከይዱ ከድልየኩም እዩ።


Photos © Auston James

## እንታይ ዓይነት ኣገልግሎታት እዩ ዘይወሃብ?

**ሕክምና ሰኒ፦** ድልድላት፣ ዝተሓላለኸ ምውጻእ ሰኒ ጥበብ ሓዊሱ፣ ኣሰናን፣ ምትካል ሰኒ፣ ምትዕርራይ ሰኒ፣ ሱር መሰመር ኣብ ቆሎ ሰኒ፣ ዘህድእ ፈውሲ፣ ምጽራይ ወይ ምጽዕዳው ኣሰናን።

**ሕክምና፦** ባዮፕሲታት፣ ቅብኣታት፣ ሲቲ ስካን፣ ስቲች/ሰዩስ፣ ክታበት ንትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ፣ ኤም.ኣር.ኣይ፣ ሓድሽ ናይ መድሓኒት መምርሒታት።

**መርመራ ዓይኒ፦** ተላገብቲ ብሌናት፣ መነጽር ናይ ብርሃን ጸሓይ።

**ኦፒዮይድስ ኣብ ጥቕሚ ኣይውዕሉን ወይ እይክእዘዙን እዮም።**

## PARTNERS INCLUDE

141 Eyewear · Amazon · AMN Healthcare · APTA Washington · Arcora Foundation · Cambia Health Foundation · CISC
Climate Pledge Arena · DCG ONE · Fred Hutchinson Cancer Center · Grousemont Foundation · Gull Industries
International Community Health Services · Kaiser Permanente · King County Medical Society · King County Nurses Association
Lucky Seven Foundation · Mary Mahoney Professional Nurses Organization · National Association of Social Workers
Neighborcare Health · The Norcliffe Foundation · OneSight EssilorLuxottica Foundation · Opticians Association of WA
Optometric Physicians of WA · Philips Healthcare · Project Access Northwest · Public Health – Seattle & King County
Quest Diagnostics · Seattle Center · Seattle Center Foundation · Seattle Department of Neighborhoods · Seattle Housing Authority
Seattle Information Technology · Seattle-King County Dental Society · Seattle Office of Immigrant & Refugee Affairs
Seattle Roots Community Health · Snohomish County Dental Society & Foundation · T-Mobile · Underwood Gartland Development
UW Medicine – Family Medicine · UW School of Dentistry · WA Academy of Eye Physicians and Surgeons
WA Acupuncture and Eastern Medicine Association · WA Dental Hygienists' Association · WA Emergency Nurses Association
WA Healthcare Access Alliance · WA State Dental Association · WA State Department of Health · WA State Medical Association
WA State Nurses Association · WA State Society of Oral and Maxillofacial Surgeons